# ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም
# ምስ ረድዮ ድምጺ ኤርትራዊ ዲሞክራስዊ ኪዳን ዝገበሮ ቃለ-መሓትት
# ሚያዝያ 2007

ብጻይ መንግስትኣብ ኣስመሮም ኣቦ-መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ ወገንን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን፡ ንክፍሊ ሬድዮ ድምጺ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን መደብ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ህልው ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ዛዕባታት ኣመልኪቱ ዝገበሮ እዋናዊ ጋዜጣዊ መግለጺ።

**ፈለማ፡ ብጻይ መንግስትኣብ ኣስመሮም ኣቦ-መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ-ወገን ንስለቲ ግዜኻ ወፊኻ ነዚ ቃለ-መሕትት'ዚ ክነካይድ ዝሃብካና ኣወንታዊ ምላሽ፡ ብስም ተኸታተልትናን ብሽም ድምጺ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን መደብ ቋንቋ ትግርኛን ምስጋናና ዝዓዘዘ'ዩ። ብምቅጻል እነቕርቦ ሕቶ፡- ንጉዕዞ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ካብ ጉዕዞ ምሕዝነት ጀሚሩ ብቀረባ ዝተኸታተልካዮ ከም ምኻንካን ኣብ 2ይ ጠቕላል ጉብኤ ኪዳን'ውን ብኣካል ተሳታፊ ብምንባርካን፡ ነቲ ኣብ 2ይ ጠቅላል ጉብኤ ኪዳን ብፍላይ ከኣ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዘጋጠመ ተርእዮ ብሕጽር ዝበለ ከመይ ትግምግሞ?**

<u>መልሲ</u>፡- 2ይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ከም ኩሉ ካልእ ጉባኤታት ናቱ ኣሉታውን ኣወንታውን ሸነኻት ኣለዎ። እቲ ኣወንታዊ እንብሎ ሸነኻቱ፡ ሓደ ናይ ሓባር ቻርተርን ሓደ ናይ ሓባር ቁዋምን ከነጽድቕ ምክኣልና'ዩ። ኣብቲ ዝጸደቐ ቻርተር ሓባራዊ ተረድኦ ኣሎ ዝብል እምነት'ውን ኣሎና። ነዚ ቻርተር'ዚ ኣብ ምጽዳቕ ከኣ ኩሉ ሸነኻት ነናቱ ሕድገታት ጌሩ'ዩ። ስለዚ ብሓፈሽኡ እቲ ቻርተር ክርኤ እንከሎ፡ ኣወንታዊ ዓወት፡ ኣወንታዊ ውጽኢት'ዩ ክበሃል ይከኣል።

እቲ ካልኣይ ሸነኹ፡ እቲ ኣብ ምምራጽ ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝተጋህደ ቅልውላው'ዩ ኔሩ። እዚ ቅልውላው'ዚ ድማ ኣሉታዊ ውጽኢት'ዩ ኔሩ። ከም'ዚ ዓይነት ጸገም ቅድሚ ሕጂ ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን'ዩ። ኣብ ኩሉ ዝሓለፈ ተሞኩሮታት ናይ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ኣቦ-መንበር ብምሉእ ድምጺ ወይ ከኣ ብድምጺ ናይ ¾ ካብ ኣባላት ናይ ባይቶ'ዩ ክምረጽ ጸኒሑ። ስለዚ ኣብ መጋቢት 1999 ምሕዝነት ምስቆመ፡ ዓብደላ እድሪስ ንኣቦ-መንበርነት ብሙሉእ ድምጺ'ዩ ተመሪጹ። ብድሕሪኡ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ክትካእ እንከሎ'ውን ብሙሉእ ድምጺ ናይ ባይቶ'ዩ ተመሪጹ። ብድሕሪ ኢብራሂም ዝመጸ ተወልደ ገብረስላሴ'ውን ብሙሉእ ድምጺ ንኣቦ-መንበርነት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተመሪጹ። ሲዒቡ ኣብ ዝመጸ ሕሩይ ተላ ባይሩ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተገበረ ወይ ዝተራእየ ተቓውሞታት ኔሩ። ህዲግኤ ውን ተዓቒቦ ገይሩ። ግን ድማ እቶም ዝተረፉ ካልኦት ውድባት ብሙሉእ ድምጺ'ዮም መሪጾሞ። ብድሕሪ'ዚ እውን ሑሴን ከሊፋ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ብሙሉእ ድምጺ ተመሪጹ፡ ክመርሕ ጸኒሑ። ስለዚ እዚ ኣብ ኪዳን ዘጋጠመ ቅልውላው ክመጽእ'ዩ ኢልና ትጽቢት ዝገበርናሉ ምዕባለ ኣይነበረን።

ካልእ ኣብዚ ዝሓለፈ 2ይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ሰፊሕ ተሳትፎ ናይ ሲቪካዊ ማሕበራት ክረጋገጽ ኣለዎ ዝብል ውሳኔ ማእከላይ መሪሕነት ኔሩ። እዚ'ውን በቲ ዝድለ ደረጅኡ ኣይተዓወተን። ከም እምነትና፡ ሰፍሕ ዝበለ ተሳትፎ ሲቪካዊ ማሕበራት ክረጋገጽ ንደሊ ኔርና። ግን ድማ፡ "ኪዳን ዓቕሚ የብሉን፡ ንኩሎም እቶም ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ክጽውዖም ኣይክእልን'ዩ" ብዝብል ምስምስ ከይተሳተፉ ዝተረፉ ሲቪካውያን ማሕበራት ኔሮም እዮም። ብርእይቶና፡ ወላኳ ኪዳን ዓቕሚ እንተዘይብሉ፡ ንሶም ውራዮም ስለዝኾነ ብናይ ገዛእ ርእሶም ዓቕሚ ንክሳተፉ ክሕተቱ ኔርዎም በሃልቲ ኢና። እዚ'ውን ሓደ ኣብቲ ጉባኤ ዝተራእየ ኣሉታ ኔሩ።

ብጀካ'ዚ ኣሉታዊ ተርእዮ 2ይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ነቲ ብዝተፈላለየ ውድባት ቀሪቡ ዝነበረ ርእይቶታት ዝኣክል ጽፉፍ መጽናዕቲ ኣካይዱ፡ መሪሕነት ከም ወረቐት ከቕርቦ ዝግብኦ ዝነበረ ሰነዳት፡ ከየቅረቦ ምምጽኡ'ዩ። ንኣብነት ሓደ ካብኡ፡ እቲ መጠን ውክልና ውድባት ዝብል ሕቶ ከይተመለሸ ወይ ከኣ ዝተጸንዓን ዝተወድኣን ወረቐት ከይቀረበሉ'ዩ ሓሊፉ። እዚ'ውን ከም ኣሉታ ናይቲ ጉባኤ ክጥቀስ ይከኣል'ዩ።

ሕቶ፡- ከምዚ ኣብ ኪዳን ዘጋጠመ ጉዳያት ከጋጥም እንከሎ፡ ብቀጥታ ካብ ዝለዓሉ ሕቶታት ሓደ እንታይ'ዩ እቲ መፈላለዪ ምኽንያት? ዝብል ሕቶ ክመጽእ ባህርያዊ'ዩ። ዝተፈላለዩ ወገናት ከኣ ዝተፈላለየ ነናቶም ግምታት ይህቡሉ። ኣብ ኪዳን ንገዛእ-ርእሱ ከምዚ ዓይነት ዝንባለ ተራእዩ እዩ። ስለዚ ብሽነኽ'ዚ ቀዳማይ ወገን ዝበሃል ናይ ኪዳን ኣካል፡ እቲ መፈላለዪ ነጥቢ እንታይ'ዩ ክብሎ ዝኽእል? ምናልባት ገለ-ገለ ሰባት'ውን እቲ ምፍልላይ ከም ውጽኢት ናይቲ ዝጸደቐ ሓድሽ ቻርተር ካብ ልብኻ ዘይምቕባል ስሚዒት ስለዝነበረ፡ ንሱ ዝደፈኦ'ዩ ዝብሉ ኣለዉ። ካብዚ ብምብጋስ ነዚ ጉዳይ ከመይ ትርእዮ?

<u>መልሲ</u>፡- ልክዕ'ዩ ቅድም ክስርሓሉ ኣብ ዝጸነሓ ቻርተር ኣብ መንጎ ውድባት ፍልልያት ኔሩ'ዩ። ኣብ ጉዳይ ናይ ሸሪዓን ብሄራትን፣ ኣብ ጉዳይ ናይ መጠናዊ ውክልና ውድባት፣ ኣብ ኣገባብ ቃልሲ ብዝምልከት ኣብ መንጎ ውድባት ፍልልያት ኔሩ'ዩ። እዚ ንቡዙሕ ዓመታት ዝጸነሓ ዘሰሓሕብ ዝነበረን ናይ ፍልልያትና ጉዳይ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ 2ይ ጠቕላል ጉባኤ ብከፊል ኣብተን ዝፈላልያ ዝነበራ ጉዳያት ኣብ ምርድዳእ ወይ ኣብ ስምምዕ ክብጻሕ ተኻኢሉ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ንኣብነት ኣብ ሕቶ ሸሪዓን ሕቶ ብሄራትን ብዝምልከት ብዘይካ ሓደ ውድብ፡ ንሱ ከኣ እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን እንተዘይኮይኑ፡ እቶም ካልኦት ውድባት ነቲ ዝተገበረ ለውጥታት ተቀቢሎሞ እዮም። ኣብቲ ካልእ ጉዳያት'ውን ውድባት ነናቱ ሕድገታት ጌሩ'ዩ። ንኣብነት ንሕና ብወገንና "ነፍሲ-ወከፍ ውድብ ብመጠን ውድባዊ ዕቤቱን ኣብ ቃልሲ ዘለዎ ኣበርክቱኡን ክውከል ኣለዎ" እንብል ዝነበርና ውድባት ብምኻንና፡ ዓብይን ንእሽቶን ከይበልና ንኹሉ ከም ሓደ ወይ ማዕረ ድምጺ ከም ዘለዎ ጌርና ንቀበሎ ኣብ ዝብል ስምምዕ ኢና ኣቲና። ስለዚ ብክለሳ-ሓሳባዊ ዓይኒ ክረኤ እንከሎ፡ እቲ ቻርተር ናይ ዝበዝሑ ልዕሊ ¾ ዝኸውን ድምጺ ደገፍ ረኺቡ፡ እዩ ጸዲቑ።

ስለዚ ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስና፡ ኣብቲ ቻርተር ዘሎ ዘይዕግበታት'ዩ ነዚ ዲሒሩ ዝመጸ ፍልልያት ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ጠንቒ ዝኾነ ዝብል ሞጎት፡ ከም ሓሳብ ክልዓል ይከኣል ይኸውን። ግን ድማ፡ ብወገነይ ክርእዮ እንከለኹ "እቲ ጉዳይ ካብኡ'ዩ ዝነቐል፡ ጠንቂ ናይዚ ምፍልላይ ኣብቲ ቻርተር ወይ ኣብቲ ቅዋም፡ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ቻርተር ዕግበት ስለዘየሎ'ዩ እቲ ሽግር ደሓር ተፈጢሩ" ዝብል ኣበሃህላ ቅኑዕ ኮይኑ ኣይረኣየንን።

ብሽነኽይ እቲ ጠንቂ ናይቲ ሽግር ዝብሎ፡-

1. እቲ ሕድሕድ ምትእምማን ከምቲ ዝድለ ማዕቢሉ ስለዘይጸንሐ፡ ጋና እቲ ናይ ምጥርጣር ኩነታት ኣብ መንጎ ውድባት ቦታ ሒዙ ብምህላዉ፡ ሓደ ካብቲ ምኽንያት'ዩ።
2. እቲ ካልኣይ ምኽንያት ነቲ ምፍልላይ ዘስዓበ ከኣ እቲ ደረቱ ዝሰሓተ ናይ ስልጣን ህርፋን'ዩ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘለኒ። እዚ ከኣ ንዓና ሓድሽ ኣይኮነን። ምክንያቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ከምዚ ዝኣምሰለ ተርእዮታት ክደጋገም ንርእዮ ኢና። ቅዋም ይሕንጽጹ፣ ዕድመ ናይቲ ኣብ ስልጣን ዝጸንሕ መሪሕነት'ውን ይውስኑ። በዚ መሰረት ድማ ንክልተ ግዜ ነናይ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ዓመት እቲ መራሒ ኣብ ስልጣን ክጸንሕ'ዩ ይበሃል። ብድሕሪ'ዚ እቲ መራሒ ምእንታን ሳልሳይ ዙርያ ወይ

> ራብዓይ ዙርያ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ፡ ነቲ ዝቀደመ ሕገ-መንግስቲ ንቐይሮ ዝብል ተበግሶታት ክወስድ ይረኤ'ዩ። ከምዚ ዝኣምሰለ ተርእዮ ኣብ ግብጺ፣ ኣብ ናይጀሪያ ተራእዩ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪቓ'ውን ተራእዩ እዩ። እዚ ምናልባት እቲ ሕገ-መንግስቲ ከከም ዝጥዕመካ ብምትዕርራይ ዝግበር ብምዃኑ፡ ሕጋዊ ሰረት ዘለዎ ክኸውን ይኽእል። ብባህርያቱ ግን ንሓደ ጠባያት'ዩ ዘንጸባርቕ። ስለዚ እቲ ቀንዲ ሽግር ኮይኑ ዝረኣየኒ፡ እቲ ናይ ስልጣን ህርፋን'ዩ ናይቲ ዝሰዓበ ተርእዮ ጠንቂ። ስልጣን ከኣ፡ ጡዑም እናጠዓመካ እንተዘይገዲፍካዮ፡ መመሊስካ ክትቕጽል'ዩ ዝደፋፍኣካ ናብ ጌጋ'ውን የእቱ፡ ናይ ገዛእ-ርእሱ ኣጋጋዪ ባህርያት ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ነቲ ቅዋሙ ወይ ሕገ-መንግስቱ ተማእዚዙ፡ ነቲ ዝተዋህበሉ ደረት ግዜ ተጠቒሙ፡ ንካልኦት ዕድላት ክህብ ድሉው እንተዘይኮይኑ፡ ከምዚ ዝኣምሰለ ተርኽቦታት ከጋጥም ባህርያዊ'ዩ።

ብእምነተይ እንበኣር፡ ጠንቂ ናይቲ ኣብ 2ይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዘጋጠመ ምፍልላይ፡ እዘን ዝገለጽኩወን ክልተ ጉዳያት፡ ብኣውርኡ ድማ ደረቱ ዝሓለፈ ናይ ስልጣን ህርፋንን ነቲ ቅዋም ዘይምምእዛዝን እዩ።

**ሕቶ፡- ናብ ጉባኤ ይኹን ካልእ ኣገደስቲ ኣኼባታት ክእቶ እንክሎ እቶም ተሳተፍቲ ኣብ'ቲ ጉባኤ ከዐውትዎ ዝሓስቡዎ ነገራት ኣሎ። ካብ'ቲ ጉባኤ'ቲ እንታይ ሒዞም ክውጹ'ዮም እውን ትጽቢታት ይግበር'ዩ። እዚ ኣብ መወዳእታ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዘጋጠመ ፍሽለት'ዚ ኣቐዲሙ ኣብ ግምት ኔሩዶ ክንብል ንኽእል? ወይ ሃንደብት ዝመጸ'ዩ?**

<u>መልሲ</u>፡- እቲ ምፍንጫል ሃንደበታዊ ዲ'ዩ ኔሩ ወይስ ትጽቢት ኔሩ? ንዝብል ሕቶ፡ ፍልልያት ክሳብ ዘሎ ኵሉ ግዜ ስግኣታት ወይ ትጽቢታት ናይ ምፍንጫል ኣሎ'ዩ። ግን ነቲ ዝነበረ ትጽቢታት ኣብ'ቲ ንፈላለየሉ ዝነበርና ዓንቐጻት ምፍልላይ ክመጽእ'ዩ፡ ካባኡ ዝነቐለ ድማ፡ ምናልባት ዝቕበልን ዘይቕበልን ዝውጽእን ዝተርፍን ክህልወና እዩ ዝብል'ዩ ግምታት ኔሩ።ናይዚ መንቀሊ ድማ፡ "እዚ ቻርተር ነቲ ዓንቀጻቱ እንተድኣ ዘየማሕይሹ፡ ህዝቢ ከዕስል ህዝቢ ክእክብ ስለ ዘይክእል ንሕና በዚ ኣይንኸይድን ኢና" ዝብል ድምጽታት ይስማዕ ስለዝነበረ፡ ምፍንጫል ክህሉ ይክእል'ዩ ዝብል ግምታት ኣብ ኣእምሮ ናይ ኣባላት ውድባት ይኹን ኣብ ኣእምሮ ናይ ህዝቢ፡ ኔሩ'ዩ ከም ስግኣት። ግን ድማ፡ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ወይ ኣብ ምምራጽ ኣቦ-መንበር ፍልልይ ተረኺቡ፡ ነቲ ኪዳን ናብ ምፍንጫል ከብጽሖ ይኽእል'ዩ ዝብል ትጽቢታት ግን፡ ኣይነበረናን። ምኽንያቱ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ብፍላይ ከኣ ኣቦ-መንበራት ዓዓመቶም ወሲዶም፡ ንካልኦት ውድባት ዕድል ይህቡ ስለዝነበሩ ኣብ ጉዳይ ምምራጽ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ከም'ዚ ዝኣምስለ ቅልውላው ከጋጥመና'ዩ፡ እቲ ኪዳን'ውን ብሰንኪ'ዚ ጕዳይ'ዚ ናብ ምፍንጫል ክኣቱ'ዩ ዝብል ግምት /ትጽቢት/ ኣይነበረን ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘለኒ።

**ሕቶ፡- ቅዲሚ ናብ ካልእ ነጥቢ ምእታውና ምናልባት ምስ'ዚ ተተሓሒዙ ይኸይድ'ዩ ኢለ ዝግምቶ ክልተ ነጥቢ ክጠቅስ። ሓደ ነዚ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዝተፈጠረ ምትህልላኽ ዘምጽኦ፡ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ብሎካት ምፍጣሩ'ዩ  ዝብል ርእይቶ ዘአዎም ወገናት ኣለው። ካልእ ከኣ ንቡዙሕ ተኸታታሊና ዘጸግም ነገር፡ ክልቲኡ ወገን ውሳኔታት ኣብ ውሽጢ ኪዳን ¾ ክሓልፍ ከም ዝግብኣ ይሳማማዕ እሞ ምምራጽ መሪሕነት ግን ኣካል ናይ'ቲ ብ3/4 ክሓልፍ ዝለዎ ውሳኔ ኣይኮነን ይብሉ። ነዚዶ ከተብርሃልና?**

<u>መልሲ</u>፡- እቲ ናይ ኪዳን ቻርተር ንጹር'ዩ። ከምኡ'ውን ናይ ኪዳን ቅዋም። ናይ ማእከላይ መሪሕነት ውሳኔታት ብ ¾ ድምጺ ይጸድቕ'ዩ ዝብል። ዋላ'ውን ናይ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ውሳኔታት እንተኮነ'ውን ብ ¾ ድምጺ ይጸድቕ'ዩ ዝብል። እዚ ከኣ ሰኞ ኢሉ ዝመጸ ቁጽሪ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ "ንሓድነት ናይ'ቲ ልፍንቲ ንምሕላው ክንክተሎ ኣሎና" ኢልና

ዝኣመናሉ ኣገባብ ኣሰራርሓ'ዩ። ናቱ ዓሚቕ ዝኮነ ፍልስፍናዊ መበገሲ ዘለዎ'ዩ። ንሕና ብዙሓት ውድባት ስለዝኾንና ወረ ኣብ  ሓደ እዋንሲ ክሳብ 16 ውድባት በጺሕና ስለዝነበርና፡ ብ50%+1 ዝብል ውሳነ ከዋጽኣና ከምዘይክእል፡ ውዒሉ ሓዲሩ ናብ ምፍንጫል ክእትወና ከም ዝኽእል ስለ ዝተገንዘብና፡ ውሳኔታት ናብ ማእከላይ መሪሕነት ይኹን ናይ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ብ3/4 ድምጺ ክሓልፍ ኣለዎ ዝብል ውሳኔ'ዩ ከንዕዘና ጸኒሑ። ኣብ 2ይ ጉባኤ ኪዳን፡ ውሳኔታት ማእከላይ መሪሕነት ብ3/4 ይጸድቕ ዝብል ብዘይ ዝኾነ ይኹን ክትዕ'ዩ ተወሲኑ። ውሳኔታት ናይ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ግን "ካብ ¾ ሕጂ ናብ 2/3 እንተነኪናዮ ወይ ለጠቕ እንተበልናዮ ዝሓይሽ'ዩ፡ ምኽንያቱ ሕጂ ምትእምማን ኣብ መንጎ ውድባትና ፈጢርና ኢና፡ ኣብ መንጎ ኣባላትና'ውን ሕድሕድ ምፍላጥ ጌይርና ኢና፡ ስለ'ዚ ስራሕ መታን ከይህሰ 2/3 እንተገበርናዮ ይሓይሽ" ተባሂሉ ብ2/3 ውሳኔታት ፈ/ቤ/ጽ ክሓልፍ ተገይሩ። ካብ'ዚ ወጻኢ ኣብ ኣሰራርሓና 50%+1 ዝብል ውሳኔ ወይ ከኣ ብተራ ብዝሒ ድምጺ ዝብል ናይ ኣስራርሓ ውሳኔ የብልናን። እቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተዘርጊሑ ዘሎ ቅዋም ምንባቡ ይከኣል ኢዩ።

ስለ'ዚ ካብ'ዚ ተቢጊስካ ክራኤ እንክሎ፡ ንመሪሕነት ምምራጽ ብተራ ብዝሒ ድምጺ ነቲ ካልእ ውሳኔታት ከኣ ብ3/4 ዝብል ኣዘራርባ ኣብ ዓንቐጻትን ቅዋምን ኤዲኪ ዘየለ፡ እቲ ሓደ ሽነኽ ዝመሃዞን ዝፈጠሮን ኣብሃህላ'ዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ካብ ምምራጽ መራሕነት ዝዓቢ ጉዳይ ስለዘየለ፡ ኣብ ዘይጠቅምን ቴክኒካዊ ጉዳያትን ብ3/4 ውሳኔ ክሓልፍ፡ መሪሕነት ኣብ ምምራጽ ዝኣክል ጉዳይ ግን፡ ብተራ ብዝሒ ድምጺ ክሓልፍ ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል'ዩ። ምክኒያቱ እቲ ዝምረጽ መሪሕነት ነቲ ኣብ ቻርተር ዘጽደቕካዮ ዕላማታት ከዐውት ዝኽእል ብቑዕ መሪሕነት ክኸውን ኣለዎ ኢልካ እትኣምኖ ኣካል ስለዝኾነ፡ ነዚ ቻርተር ዘዓውት ብቑዕ መሪሕነት ምምጻእ እቲ ዝዓበየ ፖለቲካዊ ውሳኔ ዘድልዮ ጉዳይ'ዩ። ስለ'ዚ እቲ ስምምዕና ብተራ ብዝሒ ድምጺ መሪሕነት ምምራጽ'ዩ ዝብል ካብ ሓቂ ዝረሓቐ'ዩ። ክሳብ ሕጂ ብግብሪ ክንኸደሉ ዝጸናሕና'ውን፡ ኩሎም ኣቦ-መንበራት ብሙሉእ ድምጺ ወይ ብ3/4 ካብ ድምጺ ናይ ኣባላት ባይቶ'ዮም ተመሪጾም።

እዚ ኣብ ኪዳን ዝተፈጥረ ክልተ ሸነኻት ወይ ብሎካት፡ ዕንቅፋት ኔይሩ ንጉዕዞ ናይ ኪዳን ዝብል እምነት የብለይን። ብሎካት'ውን ሕጂ ንመጀመርያ ግዜ ኣይኮነን ዝፍለጠር ዘሎ። ቅድሚ ሕጂ'ውን ይፍጠር ኔይሩ። ኣብ ግዜ ናብ ግዜ ካኣ መልክዓቱ እናቐያየረ ይኸይድ ኔይሩ። ስለዚ እዚ ናይ ብሎክ ምፍጣር ዕንቅፋት ኮይኑ ኣይፈልጥ'ዩ። ኣብ ብሎካት ተመቓቒልካ ምስራሕ'ውን ሕጂ ዝጀመረ ሓድሽ ተርእዮ ዘይኮነስ ቅድም ክብል ኣብ 2004 ተራእዩ ዝነበረ ጉዳይ'ዩ። ንኣብነት ኣብ ፍራንክፈርት ሰለስተ ውድባት ማለት፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፣ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ተራኺቦም፡ ነቲ ቻርተር ንምምሕያሽን፡ ኪዳን ከመይ ኢሉ ናብ ዝሓየለ ደረጃ ክሰጋገር ከምዝኽእል ኣብ ዝብሉ ጉዳያት ኣብ ሓደ ምርድዳእ በጺሖም'ዮም። ብድሕሪ'ዚ ነዚ ናይ ሰለስተ ውድባት ብሎክ'ዚ ፌደራላዊ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ተሓዊስዎ ኣርባዕተ ውድባት ኮይኖም ተራኺቦም፡ እቲ ኣኼባ ኣብ ሱዳን ክግበር ተወሲኑ። ኣብ ሱዳን ከተማ ካርቱም ድማ ክልተ እስላማዊ ውድባት ተወሲኾሞ ናይ ሹድሽተ ውድባት መድረኽ ኮይኑ። እዚ ሹዱሽተ ውድባት ብዝገበሮ ምርድዳእ ከኣ፡  ኣብቲ ናይ 2005 ምምስራት ኪዳን ኣብ ጺሑና።

ስለዚ ምቛም ናይ ብሎካት፡ ኣብኡ እንከሎ ኣሉታዊ'ዩ ወይ ኣወንታዊ'ዩ ኢልካ ክስገር ዝከኣል ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፡ በብመድረኹ ብዘበርክቶ ዕማማት ጥራይ'ዩ ክምዘን ዘለዎ። ሕጂ'ውን ኣብ 2ይ ጠቕላሊ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዝተጋህደ ብሎክ ውጺኢቱ ኣሉታዊ'ዩ ክንብል ኣይንኽእልን። መጀመርያ ኣብ ስራሕ ክረኤ ኣለዎ። ኣብ ስራሕ እንታይ ከፍርይ'ዩ ኣይከፍርይን'ዩ ክርኤ ዘለዎ ጉዳያት ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ።

ንኣብነት ሕጂ፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ቀዳማይ ወገን እንተድኣ ኮይኑ ድሕሪ 2ይ ጠቕላሊ ጉባኤ ኪዳን ክሳብ እዚ እዋን'ዚ ዘካይዶም ዘሎ ንጥፈታት  እቲ ኪዳን ኣብ ዝሓለፈ

ዓመት ዘየስላስሎ ዕማማት'ዩ ኣሰላሲሉ ክንብል ንኽእል። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ድማ፡ ኣብ ኣሜሪካ፣ ኣብ ኣውሮጳ ሱዳን ኣብ ኢትዮጵያ ጽዑቕ ዝኾነ ኣኼባታት ጌሩ። ከምኡ'ውን ምስ ናይ ኣሜርካ እስቴት ኦፍ ዲፓርትመንት ርኽክባት ተኻይዱ። ስለዚ ምቛም ናይ ብሎክ ኣሉታዊ ጥራይ ዘይኮነስ ኣወንታዊ ውጽኢት ኣብ ቃልሲ ክህልዎ ከምዝኽእል'ውን ኣብ ግምት ከነእትዉ ኣለና። እቲ ዝድለ እቲ ብሎክ ኣብ ንጹርን ብሩህን ንጹህን ዝኾነ ኣወንታዊ ውድድራት እንተድኣ ኣትዩ፡ እቲ ዘሰክፈና ወይ ከኣ ዘፍርሓና ምፍንጫል ናብ ኣወንታዊ ዝኾነ፡ ነቲ ቃልሲ ክድግፍ ዝኽእል መልክዕ ወይ ደርጃ ከነሰጋግሮ ከም እንኽእል ኣይጠራጠርን'የ።

ሕቶ፡- ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ክልቲኡ ናይ ኪዳን ሽነኽ ናይ ሓባር ቻርተርን ናይ ሓባር ቅዋምን ኣለና'ዩ ዝብል። በቲ ካልእ ሸንኽ ግን ናይ ሓባር መሪሕነት ክፈጥር ኣይከኣለን። ስለ'ዚ እቲ ኣብ ምምራጽ ናይ ሓባር መሪሕነት ዝተራእየ ድኽመት ወይ ፍሽለት፡ ነቲ ናይ ሓባር ቻርተር ኣለና ዝብል ኣየዳኽሞን'ዶ? ከመይ ትርእዮ?

<u>መልሲ</u>፡- ከምቲ ኣቐዲመ ክብሎ ዝጸናሕኩ ምፍልላይ ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ ኣብ መጀመርታ ከሰንብድ ይኽእል'ዩ። ተስፋ ክቆርጽ ይኽእል'ዩ። እንተኾነ ግን እቲ ተረኺቡ ኣብ ጉዕዞ'ዩ ክምዘን ዘለዎ። እንተድኣ ክልቲኡ ብሎካት ኣብ'ቲ ቻርተር ሓደ ዝኾነ እምነት ሃልይዎ እቲ እምነት ከኣ ልባዊ እምነት እንተድኣ ኮይኑ፡ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ እቲ ምፍጣር ናይ ብሎካት ነቲ ቻርተር ከዳኽሞ ወይ ከኣ ዘይትርጉሙ ከውህቦ ኣይክእልን'ዩ።

እቲ እምነት ወይ ነቲ ዘጽደቅናዮ ቻርተር ኅቦ ልብና ኮይንና ብሙሉእ እምነት ዘይተቀበልናዮ ቻርተር እንተድኣ ኮይኑ ግን፡ ልክዕ'ዩ ከም'ቲ ዝበሃል ዘሎ ሓደ ደጋፊ ናይ'ቲ ቻርተር ሓደ ድማ ኣንጻሩ ዝዛረብ ኣካል ኮይኑ፡ ነቲ ቻርተር ተቀባልነት ኣብ ምርካብ ዕንቅፋታት ክፈጥረሉ ይኽእል እዩ። ነዚ ቻርተር ኩላትና ብልቢ  ዝደኸምናሉ ስለ ዝኾና ዝዳኸመሉ ምኽኒያት ኣይረኣየንን'ዩ።

ብኻልኣይ፡ እቲ ቻርተር ክዕወት ዲዩ? ኣይክዕወትን? ግደ ህዝቢ'ውን ኣወንታውን ዓብይን ተራ ከም ዘለዋ ኣብ ግምት ከነእትው ኣለና። ህዝቢ ነቲ ኣብ 2ይ ጠቕላሊ ጉባኤ ዝጸደቐ ቻርተር ተዘርጊሑሉ'ዩ። ትሕዝቱኡ እንታይ ምዃኑ ድማ ይፈልጦ'ዩ። ዝኾነ ይኹን ኣካል ካብ'ዚ ቻርተር'ዚ ወጺኡ ክዛረብ እንከሎ፡ ህዝቢ "ትጋገ ኣለኻ  ካብ'ቲ ዘጽደቕካዮ ቻርተር፡ ካብ'ቲ ዝተቐበልካዮ ቻርተር ትወጽእ ኣለኻ" ዝብል ተቓውሞታት ከስምዕ ወይ ከኣ ዓገብ ክብል ክኽእል ኣለዎ። ከምኡ'ውን እቶም በቲ ቻርተር ንኣምን ኢና፡  እዚ ኣብ ካልኣይ ጠቅላሊ ጉባኤ ዝጸደቐ ቻርተር ተቀቢልናዮ ኢና ዝብሉ ውድባት'ውን፡ ዝኾነ ይኹን ውድብ ካብ'ቶም ኣብ ኪዳን ተጠርኒፎም ዘለዉ ውድባት ካብ'ኡ ወጻኢ ክኸይድ እንከሎ ዓገብ ክብልዎ ክኽእሉ ኣለዎም። እዚ እንተድኣ ክንገብር ኪኢልና፡ እቲ ቻርተር ዝደኽመሉ ምኽንያት ኣይረኣየንን'ዩ። ብኣንጻሩ ተቐባልነት ናይ'ቲ ቻርተር እናስፍሐ ህዝቢ ኣብ ክሊ እቲ ቻርተር እናዓሰለ ክኸይድ ይኽእል'ዩ። ስለ'ዚ እቲ ክልተ ብሎካት ምኻን እንተድኣ ብጽቡቕ ተጠቂምሉ፡ ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ኣብ ቁዱስ ዝኾነ ውድድር ኣቶኪርና፡ ነቲ ፍልልያት ጥራይ ኣብ ምንታይ ከምዝተፈላለና እናብራህናን እቲ ቻርተር ግን ናይ ኩላትና ስለዝኾነ እናተሓለቕናሉ እንተድኣ ክንከይድ ኪኢልና፡ እቲ ሕጂ ከም መርገም ኮይኑ ዝስምዓና ዘሎ ምምቕቓል ናብ ምርቓ ክቕየረሉ ዘይክእል ምክንያት የሎን።

ሕቶ፡- እቲ ሰለስተ ውድባት ዝሓቖፈ ወገን ናይ ኪዳን፡ ቀዳማይ ወገን ናይ ኪዳን ተባሂሉ ተፈሊጡ'ዩ። ኩሉ ምንቅስቓሳቱ'ውን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብኡዩ ዝልለ ዘሎ። እቲ ሓደ ወገን ግን ብዙሕ ነቲ ካልኣይ ወገን ናይ ኪዳን ዝብል ስም ናይ ምቕባል ምልክታት ኣይትርእይን። ምናልባት'ውን ንገዛእ-ርእሱ ንሱ ንኹሉ'ቲ ኪዳን ዝምእክል መሲልካ ናይ ምቕራብ ምልክታት

**ይረኣይ'ዩ። እዚ ብፖለቲካዊ ይኩን ብሕጋዊ መልክዑ ክንራኦ እንከለና ከምይ'ዩ ክምዘን ዝኽእል?**

<u>መልሲ፡-</u> ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ክልተ ወገን ወይከኣ ኣብ ክልተ ብሎክ ከምዝተኸፋፈለ ክሕባእ ዘይክእል ሓቂ'ዩ። እዚ ኪዳን'ዚ ከኣ ክልቲኡ ሸነኻት "ኣነየ ኪዳን፡ እቲ ካልኣይ ግን ኪዳን ኣይኮነን" ኢሉ ክዛረብ እንተድኣ ፈቲኑ፡ ሕጋውነት የብሉን። ምኽንያቱ እዚ ኪዳን'ዚ ብሓባር ዝመስረትናዮ፣ ብሓባር ናብ'ዚ ደረጃ'ዚ ዘብጻሕናዮ ጽላል ስለዝኾነ፡ ንሕና እቶም ዘቆምናዮ ኣባላት ክንከፋፈል እንከለና፡ እቲ ኪዳን ኣብ ክልተ ተኸፊሉ ከምዘሎ ክእመነሉ ዝግባእ ጉዳይ'ዩ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘለኒ።

ስለዚ ንሕና ካብዚ እምነት'ዚ ተበጊስና፡ ሓደ ሸነኽ ናይቲ ኪዳን ምኳንና ኢና ንኣምን። ካልእ ዝምልከቶ ኣካል ኪዳን ከም ዘሎ'ውን ንኣምን። ካብ'ዚ ሓቂ'ዚ ሓሊፉ ንሕና ጥራይ ኢና ኪዳን፡ እቲ ካልኣይ ሸነኽ ወይ ከኣ እቲ ሰለስተ ወድባት ዝሓቖፈ ቀዳማይ ወገን ኪዳን ኣይኮነን ክብል ዝፍትን ኣካል እንተድኣ ኣሎ፡ እዚ ብርግጽ ንሓቅታት ክኽሕድ፡ ንዓይኒ ሓፋሽ ክደፍን ዝደሊ ኣካል እንተዘይኮይኑ፡ ነቲ ዘሎ ክውንነትን ነቲ ዘሎ ሓቅን ዘንጸባርቕ ርእይቶ ኣይኮነን።

ከምዚ ዝኣምሰለ ተሞኩሮታት'ውን ኣብ ሕሉፍ ኣብ ናይ ቃልስና ተሞኩሮ ተራእዩ'ዩ። ዝኾነ ይኹን ምፍንጫል ኣብ ሓደ ውድብ ከጋጥም እንከሎ ኩሉ ግዜ " ኣነ'የ ወካሊ ናይ'ቲ ውድብ…ኣነየ ሓቀኛ ቀጻልነት ናይ'ቲ ውድብ ዘረጋግጽ" ዝብል ምፍሕፋሓትን ምውጣጥን ክርኤ ጸኒሑ'ዩ። ንኣብነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክፈናጨል እንከሎ፡ ከምኡ ዝኣምሰለ ምውጣጣት ኔሩ'ዩ። "ኣነየ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ..ኣነባ" ዝብል ምፍሕፋሓት ኔሩ'ዩ። ኣብ'ቲ ሓቂ እንተመጺካ ግና፡ ኩሉ ሸነኻት ሓደ ሸነኽ ናይ ተሓኤ ደኣምበር ኩሉ ንተሓኤ ዝውክል ኣካል'ዩ ኔሩ ክንብል ኣይንኽእልን። ኣብ ጉዕዞ ድማ፡ እዚ ምውጣጣት'ዚ እናላሕለሐ….እናላሕለሐ ኣብ መወዳእታ እቲ ብኸም'ዚ ኣገባብ ዝተፈጥረ ምስሕሓባት ወይ ምውጣጣት ትርጉም ዘይብሉ ምዃኑ እናተፈልጠ ስለዝኸደ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝካየድ ዝነበረ ምውጣጣት እናጎደለ ኣስማት'ውን እናተቐየረ ብሓደሽቲ ኣስማት ውድባት ምጽዋዕ እናተለምደ ከይዱ'ዩ። ሕጂ'ውን በዚ ኣተሓሳስባታት'ዚ "ኣነየ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን፡ እዚ ኣካል'ዚ ግን ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣይኮነን" ዝብል ኣበሃላታት ክህሉው ይኽእል'ዩ። ግን ድማ ብዙሕ ዘሰጉም ነገር ኣይኮነን። ህዝቢ'ውን መን'ዩ ኪዳን መን'ዩ ዘይ-ኪዳን ስለዝፈልጥ፡ ብኣውርኡ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ኣባሃህላታት ካብ ናይ ምዕብላል መንፈስ ዝነቅል ስለዝኾነ፡ ነዚ ሕጂ ኣቲናዮ ዘለና ናይ ደሞክራሲ፣ ናይ ምጽውዋር፣ ናይ ሕድሕድ ምክብባር መድረኽ ዘይቕበልን ዘየንጸባርቕን ኣባሃህላ ስለዝኾነ፡ ካብ ህዝቢ ዝረኽቦ ተቀባልነት የብሉን። ኣብ ክሊ'ዚ ዝግበር ኩሉ ድኻም ድማ ከንቱ ክተርፍ'ዩ፡ ዝብል እምነት'ዩ ዘለኒ።

**ሕቶ፡- እዚ ሕጂ ኣብ ክልቲኡ ሸነኻት ናይ ኪዳን ዘሎ ኣሰላልፋ ሓይልታት ከመይ ትመዝኖ? ምናልባት ኣብ ቀጻሊ ሓድሽ ናይ ውድባት ወይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣሰላልፋ ክፍጠር ይኽእል'ዩዶ ክንብል ንኽእል?**

<u>መልሲ፡-</u> ሕጂ ዘሎ ኣተሃላልዋ ናይ ክልቲኡ ሸነኽ ኪዳን ከም ህልዊ ኩነት ምቕባሉ ኣድላይነት ኣለዎ። ሓደ ነቲ ካልእ የለኻን ክብሎ የብሉን። ክልቲኡ ሸነክ ከም ናይ ኪዳን ኣካላት ተቐባልነት ረኺቡ፡ ኣብ ሞንጉኡ ንጹር ዝኾነ ውድድር ዝገብር፡ ንህዝቢ ኣብ ዙሪኡ ንምዕሳል ዝዓለመ ካብ ምጽልላምን ምንሻውን ዝረሓቐ ተወዳዳሪ ሓይሊ ኮይኑ ክቕጽል ኣድላይነት ኣለዎ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘለኒ። እዚ እንተድኣ ክግበር ኮይኑ፡ ዊዒሉ-ሓዲሩ እዚ ክልተ ሸነኻት ናብ ሓድሽ ኣሰላልፋ ክበጽሕ ይክእል'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ቃልሲ ስለዘለና ኣብ ሓደ ናይ ምምጻእ ዕድላት ከም ዘሎ ክዝንጋዕ የብሉን። ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ሰለስተ

ውድባት ተሓኤ ሃገራዊ ጉባኤ፣ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራን ኣብ ናይ ስምረት ጉባኤ ኣትዮም ውድባቶም ዝጸንበሩ፡ ሕጂ'ውን ተመሳሳሊ ፕሮግራም ተመሳሳሊ ኣረዳድኣ ዘለዎም ውድባት ቀስ-ብቐስ ናብ ሓደ ውድብ ዝጽንበርሉ ሃለዋት ክህሉው ከም ዝኽእል ርዱእ'ዩ።

ብኻልእ ሸነኽ'ውን፡ ኣብ ሓደ ጸኒሖም ዝፈናጨሉ ውድባት ከጋጥሙ ከምዝኽእሉ ክንዝንግዕ የብልናን። ስለ'ዚ እዚ ሕጂ ዘሎ ኣተሃላልዋ ናይ ኪዳን ኣብ ክልተ ብሎካት ተኸፊሉ ከምኡ ኢሉ ጥራይ ክቕጽል'ዩ ዝብል እምነት የብልናን። ክልተ ወይ ሰለስተ ብሎካት ክኸውን ይኽእል፣ እቲ ዝወሓደ ኣባላት ውድባት ዘለዎ ብሎካት ወይ'ውን ዝሰፍሑ ውድባት ዝጥርንፍ ብሎኻት ዝፍጠረሉ ኩነታት ክመጽእ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ናይ ለውጢ ዕድላት ኣብ ቅድሜና ኣሎ። ህዝቢ ከኣ ኣየናይ ይሰርሕ፣ ኣየናይ ብሎክ ካብ'ዚ ዘሎ ክልቲኡ ብሎካት ዝያዳ የድምዕ፣ ዝያዳ ናይ ህዝቢ ድሌታት ዘንጸባርቕ፣ ዕላማታት ህዝቢ ከዐውት ዝቃለስ ዘሎ ኣየናይ ሸነኽ'ዩ ….እናለለየ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ ንሓደ ካብቲ ብሎካት ዝያዳ እናደገፈ ክኸይድ ዝለዝኾነ፡ ኣብ መጻኢ ሓድሽ ኣሰራርዓ ወይ ኣሰላልፋ ናይ ሓይልታት ክፍጠር ከም ዝኽእል ርዱእ'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

**ሕቶ፡- እዚ ኣብ መጻኢ ምስዝርኤ ምዕባሌ ከጋጥም ዝኽእል ወይ ድማ ክረኤ ዝክእል'ዩ። ኣብዚ ሕጂ ንርከበሉ ዘለና እዋን ዘሎ ናይ ብሎኻት ኣፈጣጥራ ንርኤ። ንኣብነት እቲ ቀዳማይ ወገን ናይ ኪዳን ሰለስተ ውድባት'ዩ ሓቑፉ ዘሎ። ነዚ ኣብ ሰለስቲኡ ውድባት ዘሎ ዝምድናታት ወይ ርክብ፡ ምናልባት ገለ-ገለ ወገናት ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ 2ይ ጠቕላሊ ጉባኤ ኪዳን ዘጋጠመ ጸገማት፡ ብሃንደበትን ብሃታሃታን ሓደ ውድብ ከም ዝኾነ ኣምሲልካ ናይ ምቕራብ ዝንባሌታት ኣሎ። ነዚ ሕጂ ኣብ መንጎ ሰለስቲኡ ውድባት ዘሎ ዝምድናን ምስ'ቲ ቀደም ኣብ መንጎ ዓሰርተ-ሓደ ውድባት ዝነበረ ዝምድናን ከመይ ከነጣዓዕሞ ንኽእል?**

መልሲ፡- ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ-ወገን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ፡ ልፍንቲ ናይ ሰለስተ ውድባት ደኣምበር ሓደ ውድብ ኣይኮነን። እዞም ሰለስተ ውድባት እዚኣቶም ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን'ዮም። እዞም ሰለስተ ውድባት እዚኣቶም ነናቶም መሪሕነት፣ ነናቶም መደብ-ዕዮ፣ ነናቶም ውሽጣዊ ሕጊ /ቅዋም/ ዘለዎም ነብሶም ዝኸኣሉ ነጻ ውድባት ኢዮም። ግን ድማ እዞም ነብሶም ዝኸኣሉ ነጻ ውድባት እዚኣቶም፡ ከም ነጻ ኣካላት ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ተጠርኒፎም ክቃለሱ ጸኒሖምን ኣለዉን። ስለ'ዚ ቅድሚ ጉባኤ ኣብ ኪዳን ዓስርተ-ሓደ ውድባት ጸኒሖም ኣብ'ዚ ኣብ 2ይ ጠቕላሊ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ብዘጋጠመ መሪሕነት ናይ ምምራጽ ቅልውላው፡ እቲ ኪዳን ኣብ ክልተ ወገናት ተኸፋፊሉ። ስለ'ዚ ብሓደ ሸነኽ ነቶም ሸውዓተ ውድባት ዝሓቆፈ ኪዳን ኣሎ። ብካልኣይ ከኣ ነዞም ሰለስተ ውድባት ዝሓቆፈ ኪዳን ኣሎ። ስለ'ዚ ኣብ መንጎ ሰለስተ ውድባት ናይ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ ወገን ዘሎ ዝምድና ናይ ልፍንቲ ዝምድና ደኣምበር፡ ናይ ሓደ ውድብ ዝምድና ኣይኮነን።

ስለምንታይ ኣብ'ዚ ልፍንቲ'ዚ መጺኣም ንዝብል ሕቶ፡ ከም'ቲ ኣቀዲምና ዝገለጽናዮ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ዝተቐራረበ ርእይቶ ስለ ዝጸነሖም'ዮም። ኣብ ሕቶ ናይ ሽሪዓ፣ ኣብ ሕቶ ናይ ብሄራት፣ ኣብ ሕቶ ናይ መጠናዊ ውክልና….ወዘተ ተመሳሳሊ ርእይቶ ስለ ዝነበሮም፡ ሕጂ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ወገን ናይ ኪዳን ክጥርነፉ ኪኢሎም። እቶም ካልኦት ከኣ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም "እቲ ሽሪዓ ክቕየር የብሉን፡ መሰል ብሄራት ክሳብ ምግንጻል ክእመነሉ ኣለዎ" እናበሉ ክምጉቱ ዝጸንሑ ውድባት ከኣ ኣብ ሓደ ክፋል ናይ'ቲ ኪዳን ተጠርኒፎም ኣለዉ። እዚ ኪዳን'ዚ ከኣ ርእሱ ዝኸኣለ ነናቱ መሪሕነታት ውድባት ኣለዉ።

ስለ'ዚ ንኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ቀዳማይ ወገን ዝመርሕ ግዝያዊ መሰጋገሪ መሪሕነት ብሹ-ድሽተ ኣባላት ዝቆመ ኣሎ። ኣነ ኣቦ-መንበር ናይ'ዚ ቀዳማይ ወገን ኪዳን ኣለኹ። ግን ድማ እቲ ውድባት ነናቱ ኣቦ-መንበራት፣ ነናቱ መደብ-ዕዮ፣ ነናቱ ቅዋማት ዘለዎ ውድባት ምኳኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ንኣብነት ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣቦ-መንበር ወልደየሱስ ዓማር'ዩ፤ ናይ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣቦ-መንበር ዶ/ር በየነ ኪዳነ፣ ናይ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ኣቦ-መንበር ድማ መስፍን ሓጎስ'ዩ። ስለዚ ከም ኪዳን ኣብ ንሰርሓሉ እዋን ሓደ ግዝያዊ መሪሕነትን ሓደ ኣቦ-መንበርን ኣለና። ከም ውድባት ግን ነናቱ ኣቦ-መንበራትን መደባትን ጉዕዞታትን ዘለና ኣካላት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ምኳንና ክሰሓት የብሉን።

ምናልባት ገለ-ገለ ሽነኻት ንምድንጋር ኢሎም፡ " እዚ ሰለስተ ውድባት'ዚ ሓደ ኮይኑ'ዩ" ዝብሉ ኣይሳኣኑን ይኾኑ። እዚ ግን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ጉዳይ'ዩ። ኣብ ሓድነት ክንመጽእ እንተድኣ ኮይንና፡ ብጭሉቕ ወይ ተሓቢእና እንገብሮ ጉዳይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ፕሮግራማት ተሰማሚዕና፣ ኣብ መስመሪ ጉባኤ ኣቲና፣ ሓደ ንኩላትና ዘምእክልና መሪሕነት መሪጽና ክንወጽእ እንከለና ጥራይ'ዩ ሓደ ውድብ ኮይናም ክንበሃል ዝከኣል።

**ሕቶ፡- ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ኣብ ኪዳን ዝተራእየ ምፍልላይ ንኩሉ ናይ ሓጎስ ዜና ከምዘይኮነ ንፈልጥ ኢና። ግን ድማ ኣብ ምምራጽ መሪሕነትስ ተፈላልዮም፡ ሕጂ'ኸ ከመይ እዮም ክቐጽሉ? ዝብል ሕቶ የልዓል'ዩ። ንኣብነት ከም'ቲ ኣቐዲምካ ዝገለጽካዮ ብሽነኽ'ዚ ቀዳማይ ወገን ናይ ኪዳን፡ ብሓደ ወገን ኣብ መንጎ ክልተ ኣካላት ናይ ኪዳን ብ'ኻልእ ወገን ድማ ኣብ መንጎ ኣካላት ኪዳንን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዝጸንሑ ናይ ፖለቲካ ሓይልታትን ዘሎ ዝምድና ከመይ እንተኮነ'ዩ ሃናጺ ዝኸውን ትብል?**

<u>መልሲ</u>፡- ከም'ቲ ኣቀዲመ ዝገለጽኩዎ፡ ኣብ 2ይ ጠቕላሊ ጉባኤ ናይ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ብዝተፈጥረ ቅልውላው ኣብ ክልተ ሽነኻት ተኸፊልና ኣለና። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እዚ ክልቲኡ ሽነኻት ነቲ ኣብ መንጎኡ ዘሎ ምክፍፋል ከም ከም ናይ ዘየቀራርቦ ምርሕሓቕ ጌሩ ክርድኦ /ክወስዶ/ የብሉን። ዝተፈላለናሉ ጉዳያት ኣብ ውሱናት ጉዳያት ኣብ ምምራጽ መሪሕነት'ዩ። ኣብ'ቲ ዝጸደቐ ቻርተር ግን ናይ ሓባር ተረድኦ ኣለና በሃልቲ ኢና። ስለዚ ናይ ሓባር ተረድኦ እንተድኣ ኣለና፡ ብሓባር ክንዋሳኣሉ ዝግብኣና ዕላማታት ናይ ቻርተርና ብሓባር ክንዋሳኣሉ ይግብኣና። ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ሰላማዊ ሰልፍታት ክንገብር እንተድ ኮይንና፡ ብሓባር ተዋሃሂድና ክንሰርሕ ዘይንኽእለሉ ምኽንያት የለን። ግን ድማ ኣብ'ቲ ቅድም ዝነበርናዮ ቅርጻ ተመሊስና ኣብ ሓጺር ግዜ ሓደ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ካብ ክልቴና ኣካል ክቖውም ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት የብለይን። ምኽንያቱ ሓደ ኣካል ፈጻሚ ከነቖውም እንተድኣ ኮይንና፡ እቲ ዝተፈላለናሉ ነጥብታት ክንኣልዮ ወይ ከኣ ክንውግኖ ክንኽእል ኣለና። ስለ'ዚ እቲ ሓደ ሽነኽ "50%+1 መሪሕነት ንምረጽ፣ ብ50%+1 ኢና ውሳኔታትና ነመሓላልፍ" እናበለ፡ እቲ ሓደ ከኣ "ኣይኮነን ብሓባራዊ ስምምዕ ወይ ¾ ድምጺ ውሳኔ ኢና ነሕልፍ" ዝብል ተረድኦ ተታሒዙ እንከሎ፡ ናብ ሓደ ኪዳን ክምለሱ'ዮም ወይ ናብ ሓደ ቅርጻ ክጽንበሩ'ዮም ኢልካ ክሕሰብ ዝከኣል ኣይመስለንን። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ግን፡ ከም ክልተ ኣካላት ብሓባርን ብምውህሃድን ክንሰርሕ ዘይንኽእለሉ ምኽንያት የለን። ኣብቲ ንሰማማዓሉ ጉዳያት ተወሃሂድና ንሰርሕ፡ ኣብ ዘየሰማሙዑና ጉዳያት ከኣ በበቲ ሒዝናዮ ዘለና ኣንፈት ኣቢልና ዕላማታትና ንምዕዋት ክንቃለስ'ዩ ዘለና።

ብዛዕባ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ሓደ ኣካል ምጥርናፍ ዝብል፡ ኣብ ኪዳን ዘለዉ ይኹን ካብ ኪዳን ወጻኢ ንዝጸንሑ ኣብ ዝብል ጉዳይ፡ ንሕና ብመትከል ኩሉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ክጥርነፍ መሰረታዊ እምነትና ኮይኑ ክንቃለሰሉ ዝጸናሕና ጉዳይ'ዩ። ሕጂ'ውን እዚ ቃልሲ'ዚ ቀጻሊ'ዩ። ኣብ ኪዳን ዘለዉ ይኹኑ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዉ

*ሓይልታት፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓቢሮም ዝቃለሱሉ ባይታን ሓቢሮም ዝቃለሱሉ ናይ ቃልሲ ናውትን ንምፍጣር ጻዓታትና ኩል-ግዜ ቀጻሊ'ዩ።*

*እንተኾነ ግን እዚ ክምስረት ዘለዎ ናይ ሓባር ናውቲ ወይ ከኣ መሳርሒ ንድሌት ናይ ኩሉ እቲ ክነጠፍ ዝኽእል ውድባትን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ዘማልእ ደኣምበር፡ ሓደ ዝዕብልለሉን እቲ ካልእ ከኣ ተዓብሊሉ ዝኸደሉን ኩነታት ዝፈጥረር ክኸውን የብሉን።*

*ንኣብነት፡ ከምዚ ኣብ 2ይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዝተንጸባረቐ ንሕና ዝበዛሕና ኣካል ስለ ዝኾና ብናህና ውሳኔ ጥራይ ክትከዱ ኣለኩም ዝብል እሞ ከኣ ናይ ብዙሓንን ውሁዳንን ዝብል መለኪዕታት መፍትሒ ከይረኸበ እንከሎ፡ ብከምዚ ዝኣመሰለ ኣረዳድኣ ምኻድ ዝዓለመ ምትእኽኻብ እንተድኣ ኮይኑ ግን ከዕውተና ስለ ዘይክእል፡ ክእክበና'ውን ስለ ዝይክእል ኩሉ ግዜ ክንቃወሞን ክንጻረሮን ኢና። ካብ'ዚ ወጻኢ ብናይ ኩላትና ድሌት ኣብቲ ዝተሓተ ሓባራዊ እንብሎ ነጥብታት ወይ ስምምዓት ዝተሞርከሰ ሓባራዊ ስርሓት ከነካይደሉ እንኽእል መድረኽ ምምስራት ዝዕላምኡ እንተዳኣ ኮይኑ፡ ንሕና ከም ማእከላይ ዕላማና ሒዝና ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዝና ክንቃለሰሉ ዝጸናሕና ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ሕጂ'ውን ንዕኡ ንምርግጋጽ ቃልስና ቀጻሊ'ዩ። ስለዚ ምስዚኣቶም ሓንሳብ ተፈላሊና ኢናሞ ዘራኽብ የብልናን። ወይ ምስቶም ኣብ ኪዳን ዘየለው ተቃወምቲ ሓይልታት'ውን ዘራኽብ ነጥቢ የብልናን ዝብል እምነት የብልናን። ጸላኢና ሓደ ክሳብ ዝኾነ፡ ቻርተርና ሓደ ክሳብ ዝኾነ ንሕና ሓቢሪና ክንቃለሰሉ እንኽእል ብዙሕ ኣገባባት ከም ዘሎ ኢና ንኣምን። ካብ'ዚ እምነት ተበጊስና ኢና ድማ ንሕና እቲ ክልቲኡ ሽነኻት ኣብ ምምራጽ ናይ ኣቦ-መንበር ስምምዕ ክበጽሕ ኣብ ዘይከኣለሉ ደረጃ ምስተበጽሐ፡ ካብ ክልቲኡ ሽነኻት ብማዕረ ዝተወከልሉ ኣካል ይቑም፡ እቲ ሻራ ዘይብሉ ውድብ ከኣ ከም ኣቦ-መንበር ኮይኑ ይምርሓዮ፡ ስለዚ በዚ ኣገባብ'ዚ ነዚ ተፈጥሩ ዘሎ ቅልውላው'ዚ ክንስግሮ ንኽእል ኢና ዝብል ርእይቶ ዘቕረብና፡ ንሕና ድሌትን እምነትን ኣብ ሓቢርካ ምስራሕን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶራያዊ ስርዓት ምምካትን ይካኣል'ዩ ዝብል ነቲ ጽኑዕ እምነትና ዘንጸባርቕ ሓቂ'ዩ።*

***ሕቶ፡- ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ድሮ መበል 16 ዓመት ዝኽሪ ነጻነት ኤርትራ ኢና ንርከብ ዘለና'ሞ ነዚ ብዝምልከት እትብሎ ጉዳይ እንተሎ ምስኡ ኣተሓሒዝካ ትጽቢት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ነጻነት ከመይ ኔሩ? ድሕሪ ነጻነትከ ሃለዋቱ ከመይ ኣሎ? ኣብ ዝብሉ ጉዳያት መልእኽትኻዶ ከተመሓላልፍ?***

*<u>መልሲ</u>፡- ኣብ'ዚ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ግንቦት መበል 16 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ ከነብዕል ኢና። እዚ ዓመት'ውን ልክዕ ከም'ቶም ዝሓለፉ ዓመታት ሕውስዋስ ስሚዒታት ሒዝና ኢና ክነብዕሎን ከነኽብሮን። ምኽንያቱ ብሓደ ሸንኽ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ምውጻኣ፡ እዚ ድማ ኩላትና ዝደኸምናሉ ዝሰንከልናሉ ዝተሰዋእናሉ ዝተሰደድናሉ ዕላማ ስለ ዝኾነ የሕጉሰና'ዩ። ብኻልእ ሸንኽ ከኣ ኩሉ ዝገበርናዮ ድኻም ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ....ወዘተ ውሑዳት ዝሕጎስሉ ዝበዝሐ ህዝብና ድማ ዝነብዓሉ ናጽነት ኮይኑ ስለ ዝመጸ ከኣ ጓሂ ይስማዓና። ሓዘን ይስማዓና።*

*እቲ ትጽቢት ናይ ህዝብና ኣብ ነጻነት ዝነበረ ክንሪእዮ እንከለና፡ ሰራዊት ናይ መግዛእቲ እንተድኣ ወጺኡ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ብፍትሒ ብደሞክራሲ ዝነበረላ ሃገር ክሃንጽ'ዩ፤ ኣብ ደገ ዘለው ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ክምለሱ'ዮም፤ ፋሕ ኢሉ ዘሎ ስድራቤታት ክታኣኻኸብ'ዩ ዝብል እምነትን ትጽቢትን ሒዝና ኢና ክንቃለስ ጸኒሕና። እዚ ጽኑዕ እምነት'ዚ እንተዘይነብር ከኣ እዚ ኩሉ መስዋእቲ፣ እዚ ኩሉ ድኻም፣ እዚ ኹሉ ሽግርን መከራን ክንጻወሮ ኣይምኸኣልናን ኔርና። ግን ድማ እቲ ዘሕዝን ውጺኢት ናይ'ዚ ንሰላምን ነጻነትን ንልዕሊ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ዝተኻየደ ቃልሲ፡ ንረብሓ ናይ ውሑዳት ሰባት.... ንሓደ ውሱን ጉጅለ ምውዓሉ'ዩ።*

ስለ'ዚ ነዚ ኩነታት'ዚ ከይቀየርና ድማ፡ ንሕና ኤርትራውያን ሙሉእ ነጻነት ኣረጋጊጽና ኣሎና ኢልና ኣፍና መሊእና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ እቲ ቀዳማይ ዕላማ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕና፡ ነቲ ንብዙሕ ዓመታት ዝተቃለስናሉ ዕላማታት ናይ ፍትሒ ደሞክራሲ ሰላም ናይ ብልጽግና፡ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ሕጂ'ውን ትጽቢት ይግበረልና'ዩ። እዚ ከኣ ብቓልሲ ናይ ሓደ ውድብ ወይ ክልተ ወይ ሰለስተ ውድብ ወይ ናይ ኪዳን ጥራይ ዝረጋገጽ ዘይኮነስ፡ ነፍሲ ብኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ዝረጋገጽ ዕላማ ስለዝኾነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣሕዛኒ ኩንታት ንምቕያር በብዓቕሙን ክእለቱን ክቃለስን ክወፍን ከበርክትን ከም ዘለዎ እየ ክጠቅስ ዝፈቱ።

**ሕቶ፡- ኩልና ከምእንፈልጦ ኣብ ዝኾነ ዓመት ዝኽበር ናይ ነጻነት በዓል ነናይ ገዛእ-ርእሱ ፍሉይ ኩነታት ነናይ ገዛእ-ርእሱ ኣጋጣሚታት ኣለዎ። ብፍላይ ናይ ሎሚ ዓመት መበል 16 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ፡ ክረአ እንከሎ ኣብ ከመይ ዝኣምሰለ ኩነታት ንዝክሮ ወይ ከኣ ነብዕሎ ኣለና ክንብል ንኽእል?**

<u>መልሲ</u>፡- ብሓፈሽኡ ዝሓለፈ ዓመታት ናይ ነጻነት እንተድኣ ርኢና፡ ሓደ ካብቲ ሓደ ብዙሕ ፍልይ ዝበለ ኩነታት ከቢብዎ ይርከብ'ዩ ኢልና ክንዛረበሉ እንኽእል ኩነታት የሎን። ምኽንያቱ ኩነታት ናይ ሃገርና እንተድኣ ርኢና ብደረጃ ቁጠባዊ ትሕዝትኡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ ክኸይድ'ዩ ዝርኤ። ስለዚ ካብ ዓሚ ቅድሚ ዓሚ ዝነበረ ኩነታት ቁጠባ ኤርትራ ሎሚ ዘበን ዘሎ ዝኸፍአ ጥራይ እዩ ኢና ክንብል ንኽእል። እንተድኣ ዓምን ቅድሚ ዓምን ሕማቅ ኔሩ፡ ሕጂ ኸኣ ካብኡ ዝበኣሰ ኩነታት ኣሎ ጥራይ ኢና ክንብል ንኽእል። ኣብ ማሕበራዊ ሂወት እንተዳአ ሪኢና፡ ህዝቢ ኤርትራ ብስደት ይሳቐ ኣሎ። መንእሰያት ብብዝሒ ካብ ሃገር ንስደት ክውሕዙ ንርኢ ኣሎና። ስእነት ስራሕ ኣብ ክጽወር ዘይክእል ደረጃ በጺሑ ኣሎ። እዚ ኩነታት'ዚ ሎምዘበን ዝጀመረ ኣይኮነን። እቲ ስደት ይኹን ስእነት ስራሕ ጸኒሑ'ዩ፡ ድሕሪ ነጻነት ከኣ ኩነታቱ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝበኣሰ ደረጃ ተሰጋጊሩ ኣሎ ጥራይ ኢልና ክንገልጾ እንኽእል። ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ እንተድኣ መጺእና'ውን፡ ሃገርና ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢድ እቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት እያ ዘላ። ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣትዮም ክሰርሑ ኣይተፈቕደሎምን። ሃገርና ኤርትራ ምስ ጎረባብታ ይኹን ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ዘለዋ ዝምድና፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፈአን እናተባላሸወን'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ሃገርና ዳርጋ ኣብ ሙሉእ ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎ ኣቲያ ኣላ።

ኤርትራ ምስ ጎረባብትና ጥራይ ዘይኮነስ ምስ ሃገራት ዓለም ይኹን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዘለዋ ዝምድና ኣብ ዝኸፈአ ደረጃ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኩላትና ከም ዝተኸታተልናዮ፡ ኤርትራ ካብ ኢጋድ ዝተባሃለ ናይ ዞባና ትካል ኣባልነታ ከም ዝሰሓበት ሰሚዕና ኣሎና። ስለዚ እቲ ኩነታት ናይ ኤርትራ ወይ ናይ ህዝብና እናኸፈአ ኣብ ዝኸደሉ እዋን'ዩ፡ መበል 16 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ ነኽብር ዘለና። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ካብቶም ዝሓለፉ ዓመታት ብዝኸፈአ፡ ኩነታት ኤርትራ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወት፣ ኣብ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ኣብ ዝኸፈኣ ደረጆኡ በጺሑ ኣሎ ጥራይ ኢና ክንብል እንኽእል።

ምናልባት ብፍሉይ ኩነታት ክንጥምቶ እንኽእል ኩነታት፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ሕማቕ ሃዋህው፡ ናብ ውግእ ዘምርሕ ኩነታት ተፈጢሩ ምህላዉ'ዩ። እዚ ኩነታት'ዚ በቲ ኤርትራ ኣብ ሶማል ዝነበራ ግደ ናይ ኢድ-ኣእታውነትን ኢትዮጵያ ከኣ ኣብ ሶማል ዝወሰደቶ ናይ እስላማዊ ሓይልታት ንምድምሳስ ምእታዋ፤ ካልኣይ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ኣብ ዶብ ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ዓፋር ዝተገበረ መጭወይቲ ናይ ኣውሮጳውያንን ኢትዮጵያውያንን፣ ከምኡ'ውን መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ናይ ጸጥታ ክሊ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ዞባ ሰራዊቱ ከእትወሉ ምርኣይና፡ እዚ ኩሉ ተደማሚሩ፡ እቲ ናይ ውግእ ሃዋህው ዝያዳ እናጸንከሮ

ይኽይድ ከም ዘሎ ክንዕዘብ ንክእል። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ሕዳር እታ ናይ ዶብ ምጥራር ኮምሽን ብዝሃበቶ መግለጺ መሰረት፡ “ክልቲኦም ሸነኻት እንተድኣ ዘይተሰማሚዖም፡ ንሕና በቲ ናይ ቤት ፍርዲ ብይን መሰረት ዶባት ሓንጺጽና ስራሕና ክንውድእ ኢና” ኢላ ስለዘላ፡ ንሳ ብኽምዚ ኣገባብ ስርሓ ዛዚማ እንተ ወጺኣ፡ እዚ ናይ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ህላወ ክቕጽለሉ ዝኽእል ኩነታት ወይ ኣብቲ ቦታ ክህልወሉ ዘኽእሎ ምኽንያታት እናተወድአ ስለዝኸይድ፡ ምናልባት እቲ ኩነታት ናብ ውግእ ከምርሕ ዝያዳ ደራኺ ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘለኒ።

*ሕቶ፡- ኣብ መወዳእታ ብጻይ መንግስትኣብ፡ ነዚ ኣጋጣሚ'ዚ ተጠቒምካ ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ትሕቲ ወጽዓ፡ ኣብ ደገ ድማ ኣብ ስደት ንዘሎ ኤርትራዊ ከምኡ'ውን ንኣባላት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳንን ካልኦት ጉዱሳት ኤርትራውያንን ተመሓላልፎ መልእኽቲ እንተሊዩ ዕድል ክንህበካ፡*

መልሲ፡- ኣነ ብኣጋጣሚ መበል16 ዓመት መዓልቲ ነጻነት፡ ምክኒያት ብምግባር ንህዝቢ ዘመሓላልፎ መልእክቲ እንተድኣ ኣሎ፡ እቲ ኩነታት ናይ ሃገርን ህዝብን ካብ ዕለት ናብ ዕለት ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ደረጃ እናተሰጋገረ ይኸይድ ከም ዘሎ ንኩላትና ብሩህ'ዩ። ስለዚ እዚ ኩነታት'ዚ ንምቕያር ኮይኑ ዝድለ እዚ ሓላፍነት ናይ ፓለቲካዊ ውድባት ወይ ሓላፍነት ናይ ውሱናት ውልቀ ሰባት ኣይኮነን። እዚ ሓላፍነት'ዚ ናይ ኩሉ ኤርትራ ከም ህዝብን ሃገርን ብሓድነትን ብፍትሕን ብሰላምን ብዲሞክራስን ክትነብር ዝደሊ ኣካል ሓላፍነት ምኻኑ ክንርዳእ ክንክእል ኣለና። ነዚ ተረዲእና ድማ ነዚ ንሃገርና ናብ'ዚ ሽግር'ዚ ዘእተወ ቀንዲ ጠንቂ እንታይ ምኻኑ ከነለሊ ኣለና። ነዚ ጠንቂ'ዚ ንምእላዩ ብሰላምን ብደሞክራስን ብብልጽግናን ክንነብረሉ እንኽእል ኩነታት ንምፍጣር፡ ቃልስታትና ብዝያዳ ከነሕይል ሓድነትና ብዝያዳ ከነትርር ከም ዘለና እየ ዝኣምን። ስለዚ ጠንቂ ናይ ሽግራትና ከምቲ ስርዓት ኣስመራ ዝብሎ ጎረባብትና ኣይኮኑን። ኣሜሪካ ኣይኮነትን፣ ሕቡራት ሃገራት ኣይኮኑን፣ ጠንቂ ናይ ሽግራትና እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲክታቶራዊ ስርዓት'ዩ። ንሱ'ዩ እዚ ኩሉ ሓሳረ መከራ ኣብ ህዝብና ክወርድ ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ። ንሕና ድማ ኤርትራውያን ብሓደ ኮይንና ነዚ መሰረታዊ ዕንቅፋት ወይ ጸገም ኮይኑና ዘሎ ስርዓት ኣበጊስና፡ መጀመርያ ነንሕድሕና ብሰላም እንነብረላ ብፍትሒ እንዳነየላ ሃገር ክንሃንጽ ድሓር ድማ ምስ ጎረባብትና ብሰላም ክነብር፡ ካብኡ ሓሊፍና ድማ ምስ ዓለም ሰናይ ዝምድና ፈጢርና ንህዝብናን ሃገርናን ዝጠቅም ስርሓት ክንሰርሕ ኩላትና በብዘለናዮ፡ ነዛ መበል 16 ዓመት መዓልቲ ነጻነትና ከም ኣጋጣሚ ወሲድና መብጽዓ እንኣትወላ መዓልቲ ክትኸውን ኣለዋ።

ስለዚ ህዝብና ይኣክል ስደት፣ ይኣክል ሓሳረ መከራ፣ ይኣክል ውግእ፣ ይኣክል ማእሰርቲ ኢሉ፡ እንቢ ኣይግዛእን በዚ ዲክታቶራዊ ስርዓት ኢሉ፡ ንሱ ባዕሉ ዘማሓድራ ንሱ ዝመርጾ መራሕነት ዘቑመላ ሃገር ንምግባር ክብገስ ከምዘለዎ እየ ከዘኻክር ዝፈቱ። የቀንየለይ!!